STATSMINISTERENS KONTOR

**ጋዜጣዊ መግለጺ**

ቍጽሪ.: 57/21

ዕለት: ግምቦት 5/2021

# ምቅይያራት ሕጊ ወረቐት-ምስክር ኮሮና ንዘተ

**ድልየት መንግስቲ ንተሪፉ ዘሎ እዋን ለበዳ ብወረቐት-ምስክር ኮሮና ዝያዳ ንምክፍፋትን ቀጻልነት ንምውሓስን ኢዩ። ወረቐት-ምስክር ኮሮና ንዝያዳ ብርክት ዝበለ ማዕላታት ንክውዕል ዝሓሸ ሕጋዊ መሰረት ክሓትት ግድን ኢዩ። ስለዚ ድማ ንሕጋውነት ኣጠቓቕማ ወረቐት-ምስክር ኮሮና ዝምልከት ሓደ ሕጊ-እማመ ብወገን መንግስቲ ንዘተ ንክቐርብን ንክጸድቕን ንዝምልከቶም ኣካላት ሰዲድዎ ኣሎ።**

**ወረቐት-ምስክር ኮሮና ብውሑስ ኣገባብ ነዞም ዝስዕቡ ኢያ ከተሰንድ ወይ ከተማልእ ዘለዋ፡ ንሳቶም ከኣ ስምን ዕለተልደትን፡ ተኸቲብካ ዶ ኣይተኸተብካን፡ ተመርሚርካ ኮሮና ከምዘይብልካ ዘርኢ ሓድሽ ኣሉታዊ መልስን ድሕሪ ኮሮና ምሕማምካ'ኸ ብዩን ከም ምኺንካን ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት ኢዮም።**

– ጥቕሚ ናይ ከምዚ ዓይነት ወረቐት-ምስክር ሕብረተሰብና ብዝያዳ ንምኽፋትን ኣቐዲሙ ከኣ ምኽፋት ንከኽእለናን ኢዩ። ስለዚ ድማ ውሑስን ዘተኣማምንን ወረቐት-ምስክር ኮሮና ንምምዕባል ንጽዕር ኣለና። ምስ ብዙሓትን ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣገልግሎታት ምስ ዝተኣሳሰር ኣገዳስነት ሕጋዊ መሰረቱ ንምዝታይ እናዓበየ ኢዩ ዝመጽእ። ምስ ባይቶና ስቱርቲንገ ግርም ምትሕብባር እናተተስፈና ቀልጢፎም ከሳልጡልና ንምነ ትብል ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኣርና ሱልባርግ/Erna Solberg።

መንግስቲ ክሳብ ሕጂ ንኹሉ ማዕላታት እዛ ወረቐት-ምስክር ኮሮና ዝምልከት ምሉእ ዝኾነ ዝርዝር ኣፍልጦ የብሉን።

– ካብ ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ጉዳያት ጥዕና ረኺብናዮም ዘለና ምኽርታት ብዛዕባ ማዕላ ወረቐት-ምስክር ኮሮና ንሰማማዓሎም ኢና፡ ንሳቶም ከኣ ንዕብይ ዝበሉ ወግዓውያን እንግዶዳት ንምእንጋድን ንመገሻታት ዓበይቲ መራኽብን ንጥርኑፍ መገሻታት ንምክያድን ወረቐት-ምስክር ኮሮና ምጥቃም የድሊ ከም ምኺኑ ኢዩ። ንማዕላ ወረቐት-ምስክር ኮሮና ዝምልከት ግና መንግስቲ ብወገኑ ስፍሕ ዝበሉ ጥምሖታት ኣለውዎ። ከም ንኣብነት ኣብተን ካብ ሃገራዉያን ስጉምቲታት ዝተረፋ ስጉምቲታት ዘተኣታተዋ ቦታታት እዛ ወረቐት-ምስክር ኣብ ማዕላ ንክትውዕል ብወገንና ክንሓስበሉ ንብል ኣለና። ቅድሚ ኣብ ናይ መወዳኣታ ድምደማ ምብጻሕና ከነነጽሮም ዘለውና ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ከም ዘለው ቀዳመይቲ ሚኒሲተር ብወገና ተጋናዝብ።


Postadresse
P.B. 8001 DEP
0030 OSLO

Regjeringen.no
Twitter
Facebook
Flickr

Kommunikasjonsseksjonen
Telefon: 22 24 40 07

Besøksadresse
Glacisgata 1
OSLO

statssekretær
Rune Alstadsæter
Kontor: 22 24 48 40
Mobil: 91 55 84 19

kommunikasjonssjef
Anne Kristin Hjukse
Kontor: 22 24 40 72
Mobil: 99 21 46 10

### ክስዖያዊ ስርሓት ኢዩ ተዳልዩ ዘሎ

ኣብዛ ዘለናያ እዋን እታ ቀዳመይቲ ስርሓት ወረቐት-ምስክር ኮሮና ኖርወይ ተዳልያ ኣላ። ወጽኢት መርመራ ኮሮናን ጸረ ኮሮና ተኸቲብካን ኣይተኸተብካን ንምርኣይ ድማ በቒዓ ኣላ። ኣብ Helsenorge-appen እትበሃል ምውዐላ/ኣፕሊኬሽን ወይ ኣብ Helsenorge.no ብምእታው እዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ሓበሬታታት ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ፡ ቅዳሕ ሓበሬታታት እውን ብወረቐት ኣሕቲምካ ከተውጽኦ ትኽእል ኢኻ (pdf-bevis/ወረቐት-ምስክር-pdf)።

– እዛ ክስዖያዊት ስርሓት ክትረጋገጽ ትከኣል ኣይኰነትን። እዚ ማለት ከኣ ንተዳናገርነት ዝተኣፈፈት ትኸውን ኣላ ማለት'ያ፡ ዝኾነ ሰብ ትምዩን ምስክር-ወረቐት ብምቕራብ ከታልል ይኽእል'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ንስፍሕ ዝበለ ካልእ ማዕላታት ከነውዕላ ኣይንኽእልን ኢና ማለት ኢዩ ክብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ/Bent Høie ይገልጽ።

## ተኣማኒ ስርዓት

ዝምልከቶም ሰበስልጣን ጉዳያት ጥዕና ክረጋገጽ ዝከኣል ስርሓት ምስክር-ወረቐት ኮሮና ንምጽፋፍ ጻዕሮም ይቕጽል ኢዩ ዘሎ። ብመሰረት ዘሎ ውጥን ኣብ ኣጋ ወርሒ ሰነ ተዛዚማ ንክትዳሎ'ዩ፡ እቲ ዘሎ ሓሳብ ድማ ብቐዳምነት ኣብ ኖርወይ ንምግልጋል ንክትበቅዕ'ዩ። እታ ናይ መወዳእታ ስርሓት ከኣ ብመሰረት ዘሎ ውጥን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ንክትመጽእ'ዩ፡ ምስቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ዝጠልቦ ቅጥዕታት ዘማልኣት ኢያ እውን ክትከውን።

–ንካልኦት ሃገራት ንምጋሽ እውን ክንጥቀመላ ክንክእል ኢና፡ ናብ ሓደ ሃገር ንምእታው ድዩ ወይ ምስ ኣተኻ ካብ ቅጥዕታት ውሸባ ንምግልጋል ግድን ዝተኸተብካ፡ ተመርሚርካ ኣሉታዊ ውጽኢት/ኮሮና ከም ዘይብልካ ዘርኢ ውጽኢት ወይ እውን ኮሮና ሓሚምካ ከም ዝነበርካ ዝብል ቅድመኩነታት ምስ ዝቐርብ ምስክር-ወረቐት ኮሮና ብምርኣይ ክትገላገል ትኽእል ይብል ቤንት ሀይየ/Bent Høie።

ብዛዕባ መገሻ ዝምልከት ክፋል ንሃገራት ኤውሮጳ ዝምልከት ምስ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ዝካየድ ዘሎ ሓበራዊ መቓን-ዕማም ምስክር-ወረቐት ኮሮና ኣብ ግምት ከነእትዎ ግድን ኢዩ።

–ዶባትና ዳግም ኣብ እንኸፍተሉ፡ እንኣምኖ ስርዓት ክህልወና ግድን ኢዩ- ካብ ምትላልን ትምዩን ወረቐት-ምስክር ክታበት ምቕራብን ክንገላገል ክንክእል ኣለና ብምባል ብወገኑ የስምረሉ ቤንት ሀይየ/Bent Høie።

### ግዳማዊ እንግዶታት

ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብ ክረምቲ (sommer) ኣብ ግዳማዊ ወግዓዊ እንግዶታት ክንደይ ሰባት ክእከቡ ወይ ክሳተፉ ከም ዝኽእሉ ብዝብል ሓደ ንድፊ ነዲፎም ኣሎው። እዚ ንድፊ'ዚ ምስቲ ናይቲ መግስቲ ኣውጺእዎ ዘሎ ውጥን ዳግም-ክፍታ ብምሙርኳስ ዝተሓንጸጸ ኰይኑ፡ መምስቲ ውጥን ዘፍቅዶ ወሰኽ ብዝሒ ተሳተፍቲ ዝተመጣጠነ'ዩ።

ምስክር-ወረቐት ኮሮና ብምጥቃምን መርመራ ኮሮና ብምውሳድን ኣብቲ ንክረምቲ ዝካየዱ ዕብይ ዝበሉ ግዳማውያን ወግዓውያን እንግዶታት ንተሳተፍቲ ኣብ ኣፍደገ እናሓተትካ ምእታው ምናልባሽ ከድሊ ይኸውን ኢዩ ዝብል ርድኢት ኢዩ ኣሕዲሩ ዘሎ መንግስቲ።

– እዚ ኩስዖያዊ ውጥን ከም ምዃኑ ከነስምረሉ ንደሊ። ብቐዳምነት እታ ምስክር-ወረቐት ንባዕላ ንክትስራሕ ገለ ጸገማት ክለዓል ይኽእል ኢዩ። ካልኣይ ድማ ቅድሚ እታ ምስክር-ወረቐት ኣብ ማዕላ ምውዓላ ሓያሎ ክመለሱ

ዘሎዎም ሕቶታት ኣሎው። ሳልሳይ ድማ ቅድሚ ንዝቕጽላ ጽፍሕታት ምቕጻልና ካብቶም ቀዳሞት ጽፍሕታት ግድን ክንድልቦም ዘሎውና ተመክሮታት ስለ ዘለው ኢዩ። ብሓጺሩስ ብዙሕ ዘይተረጋገጸ ከነማልኦ ዘለና ኩነታት ኣሎ ማለት ኢዩ ትብል ኣርና ሱልባርግ/Erna Solberg ።

እዚ ዝስዕብ ዘሎ እማመ ኰይኑ ኣብቲ ውጥን ዳግመ-ክፍታ ናይ 2ይ፣ 3ይን 4ይን ጽፍሕታት ኣብ ግዳማውያን እንግዶታት ብዝሒ ተሳተፍቲ ክህልውዎ ዘሎዎም ዘርኢ ኢዩ። ንዕብየታትን ንምድባት-ኮሮናን ዝምልከት ምስትኽኻላት ክመጽእ ይኽእል ኢዩ፡ ምስትኽኻላት ክመጽእ እንተኾይኑ ከኣ ኣብ ኩነታት ለብዒን ተመኩሮታት ናይ 2ይን 3ይን ጽፍሕታት ኢዩ ክሙርኰስ። ንረምታ ወይ ፍጥነት ዳግመ-ክፍታ ዝምልከት ዘጊት ኣብ ሓበሬታታት/ዳታ ደኣ'ምበር ኣብ ዕለታት ከምዘይምርኰስ ዳግም ነዘኻኽር።

**ኣብቶም ቄወምትን ዝተመልከተሎምን መናብር ዘይብሎም ቦታታት/ኣዳራሻት ዝፍቀድ ብዝሒ ተሳተፍቲ (ክሳብ ሎሚ ክፍቀድ ዝጸንሐ ብዝሒ 200):**

| | **ከይተመርመሩ ወይ ብዘይ ወረቐት-ምስክር ኮሮና** | **ብምምርማር ወይ ብወረቐት-ምስክር ኮሮና** |
|---|---|---|
| **2ይ ጽፍሒ** | 200 | 2 x 200 |
| **3ይ ጽፍሒ** | 4 x 200 | እንተበዝሐ 50% ካብቲ ዘፍቅዶ ዓቕሚ: ክሳብ 2000 በብ500 ብምድብ-ኮሮና እናፈላለኻ |
| **4ይ ጽፍሒ** | 1500 | እንተበዝሐ 75% ካብቲ ዘፍቅዶ ዓቕሚ: እንተኾነ ግና ክሳብ 5000 |

**ኣብቶም ቄወምትን ዝተመልከተሎምን መናብር ዘለዎም ቦታታት/ኣዳራሻት ዝፍቀድ ብዝሒ ተሳተፍቲ (ክሳብ ሎሚ ክፍቀድ ዝጸንሐ ብዝሒ 3 x 200):**

| | **ከይተመርመሩ ወይ ብዘይ ወረቐት-ምስክር ኮሮና** | **ብምምርማር ወይ ብወረቐት-ምስክር ኮሮና** |
|---|---|---|
| **2ይ ጽፍሒ** | 3 x 200 | 5 x 200 |
| **3ይ ጽፍሒ** | 4 x 500 | እንተበዝሐ 50% ካብቲ ዘፍቅዶ ዓቕሚ: ክሳብ 5000 በብ500 ብምድብ-ኮሮና እናፈላለኻ |
| **4ይ ጽፍሒ** | 5000 | እንተበዝሐ 75% ካብቲ ዘፍቅዶ ዓቕሚ: እንተኾነ ግና ክሳብ 10000 |